**ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ**

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

# ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## ብምኽንያት መጋቢት 8 ዓለም ለኻዊ በዓል ደቂ ኣንስትዮ፡ ብፖ/ቤ/ጽ. ሰደግኤ ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ።

መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ወትሩ 8 መጋቢት እናተኸበረ ዝውዕል ክቡር ናይ ቃልስን ጽንዓትን ዕለት እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ኣብ ልዕሊኦን ንዘበናት ክወርድ ዝጸንሐ ደርባውን ጾታውን ወጽዓ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክውገድ "ሆ" ኢለን ዝተላዓላሉን ምእንቲ መሰለን ከቢድ ዋጋ መስዋእቲ ዝኸፈላላ ዕለት እያ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ'ውን ከም ኣካል ኣምሳል ደቂ ኣንስትዮ ዓለም መጠን፡ ኣብ ልዕሊኦን ንዘበናት ደርባውን ጾታውን ጭቆና ክወርደን ጸኒሑ እዩ፡፡ ኤርትራ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ካብ ዝወደቐትሉ እዋን ድማ፡ ከም ኩሎም ህዝብታት ኤርትራ፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንኹሉ ዓይነት ሕሰምን መከራን ክቃልዓ ገበረን።

ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ኣርባዓታትን ሓምሳታትን ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም ኣብ ዘካየዱዎ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ይኹን ካብ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ክሳብ ምሕራር ኤርትራ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ተሳትፎ መዘና ዝነበሮ ኣይኮነን፡፡ ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ሱሩ ንምሕግሓግ፡ ኣብ በረኻ ኣብ ምግዳል፣ ኣብ ከተማታት ብስርዒት፣ ኣብ ገጠራት ብሓፋሽ ውድባት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ወጻኢ ኣብ ስደት ለይትን ቀትርን እናሸቀላ፡ ሃገራዊ ነጻነት ንምርግጋጽ ካብአን ዝጥለብ ናይ ሂወት፣ ጉልበትን ገንዘብን ኣበርክቶ ገይረን እየን፡፡

ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና፡ ከም ኩለን ኣብ ዓለምና ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንደርባውን ጾታውን ማዕርነተን ክብላ እየን ኣብ ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎና ርኡይ ተሳታፍነት ዘረጋገጻ፡፡ እንተኾነ ግን ድሕሪ ምሕራር ሃገርና፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ከም ትጽቢተንን መስዋእተንን ኣይተፈደያን፡፡ ኣብ ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ሜዳ ኤርትራ ብሒቱ ኣኸሊል ነጻነት ለቢሱ ዓዲ ዝኣተወ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ.፡ ደርባውን ማዕርነታውን ሕቶ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ብፍሉይ ክምልስ ዘብቅዖ ባህሪ ኣይነበሮን።

ፖለቲካዊ ስልጣን ሃገር በይኑ ብሒቱ ዝሓዘ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ካብ ሜዳ ጀሚሩ መሳርሒኡ ዝኾነት ወይጦ ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣቘሙ፡ ብሽም መሰላትን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ደጋጊሙ ክዝምር ዝጸንሐን ዘሎን እኳ እንተኾነ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ እዋን ባዕዳዊ መግዛእቲ ካብ ዘጋጠመን ዘስካሕክሕ ሕሰመ መከራ ኣዝዩ ዝኸፍአ ሂወት የሕልፋ ምህላወን ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ፡፡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ ደጋጊሙ ዝዝምረሉን፡ ከም ጠበቓ ደቂ ኣንስትዮ መሲሉ ክረአ ዝጥቀመሉ ስልቲ፡ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ 30% ቦታ ንደቂ ኣንስትዮ ዝሓዝአ ምዃኑ'ኳ ዝህትፍ እንተኾነ፡ ኣብ ምሕላው መሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ትርጉም የብሉን። ምኽንያቱ፡ ሓደ፡- እዚ ቦታ'ዚ ነተን ዕሉላት መሳርሒ ናይ'ዚ ፋሽስታዊ ስርዓት ዝኾና ካድራትን ኣባላትን ህግደፍ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዝምልከት ብምዃኑ፡፡ ካልኣይ፡- እዚ ቦታ'ዚ ኩሉ መዳያዊ ብቕዓተን ብምርግጋጽ ዝሸከመኦ ሓላፍነት ዘይኮነስ፡ ብሽም ደቂ ኣንስትዮ ዝወሃበንን መሳርሒ ህግደፍ ክኾና ብምዕላም ዝስላዓለን ኣብ ረብሓ ኣብዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ትርጉም ዘይብሉ ብምዃኑ፡፡ ሳልሳይ፡- እቲ ዳርጋ ሲሶ ቦታ ከም ሕዛእቲ ዝተገደፈለን ስልጣን ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ኣብ ፖለቲካ ኤርትራ እዚኣ ትበሃል ቁምነገር ዘይብሉን፡ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ስልጣኑ ጠቕሊሉ ዝተመንጠለን እዩ፡፡ ስለዝኾነ'ውን ረብሓ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ክሕሉስ ይትረፍ፡ ነተን ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ዝተሰመያ ውልቀ ሰባት'ውን ትርጉም ዘለዎ ሓላፍነት ኣይኮነን።

እታ ብሽም ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዝቖመት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ድማ፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ መወዳድርቲ ኣልቦ በደል ንምኽዋል፡ ብቅኒት ኢሳይያስ እትዝምር ወይጦ ምዃና ደጋጊማ ክተረጋግጽ ጸኒሓ ኣላ። እዛ ማሕበር'ዚኣ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ጎረባብትናን ዞባናን እናፈጸሞም ዝመጸ ወራራትን ጸረ ሰላም ምንቅስቓሳትን ብምምልኻዕ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ሂወተን፣ ወርቀን፣ ጨርቀንን ገንዘበንን ንስርዓት ኢሳይያስ ጋሕጒሐን ከበርክታን ካዝና ህግደፍ ንምምላእ እትዋፈር ማሕበር ካብ ምዃን ሓሊፉ ነተን ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት እናተጎተታ፡ መርወዪ ስጋዊ ድልየትን ከደምቲ ላዕለዎት ወታደራዊ ሓለፍቲ ዝኾናን ብሕማማት ግብረ ስጋ፣ ጥንስን ኤች ኣይቪ ኤድስን ንኣሰቓቒ ሕማማትን ሞትን ክቃልዓ ዝጸንሓን ዘለዋን ደቂ ኣንስትዮ ኣለኹልክን ኢላ ክትጣበቕ ንሓንቲ መዓልቲ'ውን ተራእያን ተሰሚዓን ኣይትፈልጥን፡፡ ሰብኡተን ኣብ ገደብ ኣልቦን ብዘይ ክፍሊትን ኣብ ወታደራዊ ኣገልግሎትን ጊላዊ ዕዮን ብምጽማዶም፡ ጾር ህጻውንቲ ደቀንን ዓበይቲ ወለድን ከቢዱወን ዓቕለን ጸቢቡወን ብጥሜትን ዓጸቦን ዝሳቐያ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ ሃገርና፡ መንግስቲ ፍታሕ ክገብረለን ተሟጊታትለን ኣይትፈልጥን፡፡ ስለዝኾነ'ውን ደቂ-ኣንስትዮ ሃገርና ህልው ኩነታተን እንክንርኢ፡ ኣብ ዘበነ ባዕዳውያ ገዛእቲ ርእየንኦን ሰሚዐንኦን ዘይፈልጣ ኣደራዕ ጭቆናን ምዝመዛን ክወርደን ይርከብ።

ናይ ሎሚ ዓለም-ለኻዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም 8 መጋቢት 2010፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ፍሉይ ሃገራዊ ኩነታት ኮይነን ዘብዕላኣ መዓልቲ ኮይና ኣላ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዘለዎ ንዕቀት ገደቡ ሓሊፉ፣ ዘውርዶ ዘሎ መዘና ኣልቦ ጭቆናን ምዝመዛን ምእካል ስኢኑዎ፡ ኅብለል ቀርኒ ኣፍሪቃ ክኸውን ዝሓዞ ዘይምሕር ትምክሕታዊ ሕማም፡ ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ በጺሑ፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ህውከትን ዕግርግን ንምሽማም፡ ከካይዶ ዝጸንሐ ዕንደራ፡ ኣደብ ክገዝእ ዘገድዶ ታሪኻዊ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ሰበ ስልጣናቱ ተበይኑዎ፡ ብዓ'ቕሊ ጽበት ተወጢሩ ከም ጽሉል ዝሕዞን ዝጭብጦ ስኢኑ ዓ'ቕሊ ጽበታዊ ምዕግርጋር ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን እዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ኮራኹሩን፡ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊኦም ከዕርፎ ዝጀመረ ስንብራት ስለ ዘሕመሞም፡ ንህዝብታት ኤርትራ ለኪሞሞ ክዓርቡ ንውሳኔ ማዕቀብ ክቃወሙ ኣብ ሙሉእ ዓለም ወፈራ ከካይዱ ድሕሪ ምውራሕ፡ ከቢድ ፍሽለት ኣጋጢሙዎም ናብ ዓበድበድ ዝኣተዉሉ እዋን እዩ ዝበዓል ዘሎ፡፡ ኣብ ሙሉእ ዕድመ ስልጣኖም እናፈጸሙዎም ዝመጹ ርኹያት ገበናት፡ ብዓይኒ ዕሙት ሓሶት..ሓሶት…ሓሶት እናበሉ ዓጀውጀው ክብሉን፡ ናቶም "ሓዳስ ዓለም" ያኢ ክፈጥሩ መስደመም ዝኾነ ናይ ውድቀት ቃና ኣብ ዘስምዑሉ እዋን እያ ትበዓል ዘላ፡፡

ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ንከባቢ 19 ዓመታት ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ክ'ቕልድን፡ ከም እንስሳ ናብ ዝደለዮ ኮብኵቡ ክወስደን ከምዝኽእል ዝነበሮ ኣጉል እምነት፡ ከም ሓሞኹሽቲ ዝበነነሉ እዋን እዩ፡፡ ከም ትጽቢት ስርዓት ኢሳይያስ፡ ደቂ ኣንስትዮ ከም'ቲ ሕሉፍ ኣብ ሰላማዊ ሰልፍታት ቅድመ ግንባር፣ ኣብ ወፈያ ቅድመ ግንባር ኮይነን ዘካየደኦ ተጋድሎ፡ ኣብ "ጥሙር መኸተ" ድማ ቅድመ ግንባር ኮይነን፡ ነቲ ጥርሑ ተሪፉ ዘሎ ካዝና ህግደፍ ብዶላራት ክመልኣ፣ ንውሳኔ ማዕቀብ ድማ፡ ኣብ ሰፊሕ ማዕበል ተቓውሞ ቅድሚት ክስለፋሉ እዩ ዝነበረ፡፡ እንተኾነ ግን እቲ ኩነታት ብኣንጻሩ ኮይኑዎ ሰላማዊ ሰልፍታት ስርዓት ኢሳይያስ ብጽምዋ ተበሊዑ ከም ዛራ-ማይ ጸረር ክብላ ዝተራእያሉ እዋን እያ ትኸበር ዘላ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ትማሊ ከም ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ከም ሓራስ ነብሪ እናተወርወራ ንባዕዳውያን ገዛእቲ ዘበርግግ ጅግንነታዊ ተጋድሎ ዘካየዳ፡ ኢሳይያስን ጉጅልኡን ዝዕንድሩላ፡ ኣብዝሓ ህዝብታትና ደኒኖም ደም ዝነብዑላ ሃገር ንምርኣይ ኣይነበረን፡፡ እቲ ን18 ዓመታት ዘርኣየኦ ትዕግስት ተጻዋርነትን እኮ፡ "ሓደሽቲ እዮም ጊዜ ንሃቦም" ብምባል ልቢ ኣዕብየን እምበር፡ ኣብ ኢሳይያስ ህግደፍን ዕዉር ፍቕሪ ስለዘለወን ኣይነበረን፡፡ እንተ ሎሚ ግን ኢሳይያስን ህግደፍን ነዊሕ ዝተጋደላሉ ዕላማ ምጥላሞም ጥራሕ ኣይኮኑን፡፡ ሎሚ ኢሳይያስን ህግደፍን ንመላምል ደቀን ካብ ጓግኣን ወሲዶም፡ ንዘይተወሰነ እዋን ኣብ ድፋዓት ክበልዩ፣ ጊሎት መኮንናት ህግደፍ ክኾኑ፣ ክትሃድሙ ሓሲብኩም ተባሂሎም ክርሸኑን ክ'ቕጥቀጡን፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክሳቐዩ፣ ዝፈትዉዋ ዓዶም ገዲፎም ኣብ ሃገራት ስደት ቤት ማእሰርቲ ክማስኑ፣ ምድረበዳታትን ባሕርታትን ክቖርጹ ሂወቶም ይስእኑ ምህላዎም ይሰምዓን ይርእያን ኣለዋ፡፡ ሎሚ እኮ፡ ኢሳይያስን ህግደፍን ንዞባና ዓውዲ ሁውከትን ዕግርግርን ክገብሩዋ እናተሓንበቡ ዝፈትዎኦም መላምል ደቀን፣ ሰብኡተንን ኣሕዋተንን ኣብ ዘይውክሎም ሹናት ክጥጥቑዎም ይዕዘባ እየን ዘለዋ፡፡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ምሕጽንታን መተሓሳሰብን ማሕበረ ሰብ ዓለም ተሓሲሙ፡ ብትዕቢትን ንዕቀትን ተነዲሑ፡ ዝዕንድርን ንህዝብታትና ብዘይ ፈታዊ የትርፍ ምህላዉ ብተግባር ይርእያ ኣሎዋ፡፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ንሱ ዘይደልዮ ነገር ኣፉ ከፊቱ ዝዛረብ ኤርትራዊ ከይህሉ ብሓይሊ ብምዕፋኑ ስ'ቕ እንተበላ ዝደገፎኦ መሲሉዎ እንተነይሩ፡ እታ ዘይትተርፎ ናይ ሞት መ'ቕጻዕቲ - ሀ- ኢላ ምጅማራ፡ ጻውዒት ሰላማዊ ሰልፊ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን ብጽምዋ ክብላዕ ብምግባር ተመስኪሩ ኣሎ።

ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና ሎሚ ከም'ቲ ዝሓለፈ 18 ዓመታት ርእሰ ኣድኒነን ዝነብዓሉ እዋን ኣይኮነን፡፡ ጠንቂ ኩሉ መዳያዊ ጸገመን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን ጥራሕ ም'ዃኖም ኣ'ኺሉ ክሳብ ዝተርፈን ተማሂረን ኣሎዋ፡፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ዝባኖም ኣንጸላልዩ ዘሎ ናይ ብርሰትን ምብትታን ሓደጋ ብሕታዊ ተሓታቲኡ ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ህግደፍን ጥራሕ ም'ዃኖም እ'ኹል ትምህርቲ ረ'ኺበን ኣሎዋ፡፡ ሕሉፍ ሓሊፉ ንሃገርና ሓደ እዋን ኣብ መዝገብ መወልቲ ግብረ-ሽበራውያን ክትሰፍር ዝደናደን ኩነታት ዝፈጠረ፡ ሎሚ ድማ ኣብ'ዚ ዞባ ዕግርግርን ህውከትን ብምፍጣር ተሓታቲት ኮይና ኣብ ልዕሌኣ ማዕቀብ ክብየና ዝገበረ ስርዓት ም'ዃኑ ብተግባር ርእየን ኣሎዋ፡፡ እዚ ማዕቀብ'ዚ ድማ ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ፖ'ሎቲካውን ወታደራውን መራሕቲ ህግደፍ ዘነጻጸረ ም'ዃኑ ድማ ብዘይ ድንግርግር ዝተገንዘባሉ እዋን በጺሕና ኣሎና፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ሃገርና፡ እቲ ብምድምሳስ ባዕዳዊ መግዛእቲ ክውገደለን ዝተጸበየኦ ደርባውን ጾታውን ወጽዓ፡ ብፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ መሊሱ ከምዝኸፍአ፡ ሕርሕራይ ገይረን ተገንዚበን ምህላወን ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ ስለዝኾነ'ውን ኣብ ዓለም ለኻዊ በዓለን 8 መጋቢት፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ልዕሊኦም ኣንጸላልዩ ካብ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓንን ከምኡ'ውን ዝበርዓነ ደርባውን ጾታውን ሕቶኣን ንምምላስ፡ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ዲሞክራስያዊ ተጋድሎ ዕዙዝ ተሳትፎአን ከረጋግጻ ቃለን ዘሕድሳላ ዕለት ክትከውን ትጽቢት ይግበረለን። ውድብና ሰደግኤ፡ ደቂ ኣንሳትዮ ሃገርና ምእንቲ ደርባዊ ሓርነተንን ጾታዊ ማዕርነተንን ዘካይደኦ ዲሞክራስያዊ ተጋድሎ ኣብ ጎድነን ኮይኑ ክቃለስ ከም ወትሩ ድሉው ም'ዃኑ ብኣጋጣሚ'ዚ ክቡር ዕለት የረጋግጽ።

8 መጋቢት ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር!!
ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝዕወት ዲሞክራስያዊ ቃልሲ የልቦን!!
ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ንምዕዛዝ ንቃለስ!!